## Loonwaarde

*Loonwaarde ማለት ክንደይ ክትሰርሕ ትኽእል ብመንጽር ሓደ ሰብ ብዘይ ሓገዝን መምርሒታትን ተመሳሳሊ ስራሕ ዝሰርሕ ኣብ IBN። እዚ ኣብ ትሰርሓሉ ቦታ ንመዝኖ። መብዛሕቱ ግዜ ንስኻ ክይስተብሃልካሉ።*

ኣብ loonwaarde እዞም ዝስዕቡ ንዕዘብ:

- ፍጥነት ስራሕ: ቅልጡፍ ዲኻ ትሰርሕ፣ ንቡር ሓደዉ ዝሑል?
- ጽፈት: ዉሑድ ጌጋ ትገበር ወይ እቲ ስራሕ ቀጻሊ ናይ ግድን ክፍተሽ ኣለዎ?
- ብቑዕነት: ብዉልቕኻ ክትሰርሕ ትኽእል ዲኻ ሓደዉ ሓገዝ የድልየካ እዩ?

ድሕሪ ኣኼባ ምሳኻ፣ ናትካ trajectregisseur፣ ሓላፊኻን ሓደ loonwaardemeter (እዚ ድማ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ምምሕዳር እዩ) ንላዘብ። ነዚ ልዝብ እዚ loonwaardegesprek ኢና ንብሎ።

ኣብ እዋን ልዝብ ብዛዕባ ስራሕካ፣ ፍጥነት ስራሕካ፣ ጽፈት ስራሕን ብቑዕነትን ንዛረብ። ድሕሪ ልዝብ ናትካ loonwaarde ክንፈልጥ ኢና። ነዚ ብሚእታዊት ነመልክቶ። እዚ ሚእታዊት ንIBNን ምምሕዳርን ንናይ ደሞዝ ወጻኢታት ድጎማ ኣገዳሲ እዩ። እቲ loonwaarde ንደሞዝካ ዋላሓንቲ ኣይቅይሮን እዩ።

እቲ loonwaardemeter ናይ ምምሕዳር ንዝቕጽል ስጉምትኻ እንታይ ከምዘድልየካ ክፈልጥ ድልየት ኣለዎ። እዚ ኣብ ሓደ ትካል ናይ IBN ዋን ኣብ ሓደ ትካል ወጻኢ ካብ IBN ክኸውን ይኽእል። IBN ኣብዚ ብኸመይ ክሕግዙኻ ከምዝኽእሉ ብሓባር ክንርኢ ኢና።

*ኣብነታት ናይ loonwaardemetingen:*

ኣብነት 1፡ ንክልተ ክፍልታት ምጽራይ ሓደ ሰዓት ኣለካ። ነዚ ዕማም ኣብ ውሽጢ ሰዓት ብትኽክል እንተፈጺምካዮ ከም 100% ይቑጸር። 1.5 ሰዓት እንተ ወሲዱልካ loonwaarde 75% እዩ።

ኣብነት 2: ኣብ IBN ኣብ ምፍራይ ትሰርሕ። ሓደ ስሩዕ ሰራሕተኛ ኣብ ሰዓት 100 ካርቶን ይዕሽግ ጌጋ ኣይፍጽምን። ናይዚ ሰራሕተኛ loonwaarde 100% እዩ። ካልእ ሰራሕተኛ እውን ተመሳሳሊ ስራሕ ይሰርሕ፣ እንተኾነ ግን ዕጽፊ ግዜ ይወስደሉ። ኣብ ሰዓት 50 ካርቶን ዓሺጉ ክልተ ጌጋታት ይፍጽም። ናይዚ ሰብ loonwaarde 50% እዩ።